18.05.2022

# መበል 31 ዓመት ጽንብል ናጽነት ኤርትራ

# ኣብ ከተማ ካርልሩሀ

ሎሚ ዕለት 14-5-2022 ኤርትራውያን ነበርቲ ከተማ ካርልስሩሀን ከባቢኣን (ጀርመን) ፡ „ንያትና ናጻ ሕርያትና“ ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ዝኽሪ መበል 31 ዓመት በዓል ናጽነት ኤርትራ ብድምቀት ጸንቢሎም።

እቲ ብባህላውን ስነጥበባውን መደባት ዝማዕረገ ጽንብል፡ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ብሰንኪ ለበዳ ኮሮና ቫይረስ ብማንዛ ክካየድ ድሕሪ ምጽንሑ፡ ሎምዘበን 150 ዝኾኑ ተሳተፍቲ ብኣካል ተረኺቦም ብልዑል ሃገራዊ ወኒ ድምቀት ሂቦሞ ኣምስዮም።

ኣቦ መንበር ሃገራዊ ሽማግለ ከተማ ካርልስሩሀ፡ ኣቶ ተኽለ ፍስሃየ ብወገኑ፡ „ናጽነት ኤርትራ ከም ህያብ ዘይኮነስ፡ ረዚን ዋጋ ተኸፊልዋ ዝተረኽበትን ዝተዋሕሰትን ስለዝኾነት፡ ትርጉምን መቐረትን ናጽነት፡ ንኤርትራውያን ፍሉይነት ኣለዎ“ ድሕሪ ምባል ንመላእ ህዝቢ ኤርትራን ሓይልታት ምክልኻሉን ዮሃንኡ ገሊጹ።

ዓወት ንሕፋሽ!

ሃገራዊ ሽማግለ ከተማ ካርልስሩሀ